# ባባ ናታለ(ሳንታ ክላውስ)

ባባ ናታለ (ሳንታ ክላውስ) መን እዩ?



*Illustrasjon: Pixabay*

ባባ ናታለ(ሳንታ ክላውስ)ምስ እዋን በዓል ልደት ተታሓሒዙ ዝልዓል ስም እዩ። እዚ ባባ ናታለ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣካል፡ ሓደ ነዊሕ ጻዕዳ ጭሕሚ ዘለዎ፣ ፍሕሽው ዝኾነን ናይ ካልሲ ቐርጺ ዘለዎ ቀየሕ ቆቢዕ ርእሲ ኣብ ርእሱ ዝገብርን ዓቢ ሰብኣይ ዝመስልን ሰብ እዩ። ብተወሳኺ፡ ሓጺር ጃኬት ወይ ነዊሕ ካቦት ይኽደንን ከረጺት ይስከምን እዩ። ባባ ናታለ፡ ኣብ እዋን ልደት ንቖልዑት ዝኸውን ህያብ

በቲ ኣብ ዝባኑ ዝስከሞ ከረጺት፣ ወይ ብሸውዓተ ቀርኑ ብዝሰሓብ

ኣብ በረድ ሸታሕታሕ ዝብል ዓረብያ ሒዙ ይዘውር።

ባባ ናታለ ሓደ ኣገዳሲ ምልክት ናይ እዋን ልደትን በዓል ልደትን እዩ።

ኣብ ኖርወይን ካልኦት ሃገራት ስካንዲናቪያን፡ ባባ ናታለ ኣብ እዋን

ድሮ ልደት ህያብ ሒዙ ከምዝመጽእ ይእመን። ባባ ናታለ፡ ንብዙሓት

ቆልዑት ንዘለዎም ስድራቤታት ኣብ እዋን ድሮ ልደት ይበጽሖም እዩ።

ሕብሪ ኸል

